## ዝኽሪ ነቶም ምእንቲ ሓርነት ህዝቦም ክብሉ ዘይትትካእ ሂወቶም ዝኸፈሉ መላምል ጀጋኑ ደቂ ትግራይ

**እንኳዕ ንመበል 41 ዓመት ምስረታ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ኣብፀሐና!**

ሃገርና ኢትዮጵያ ንልዕሊ ሓደ ክፍለ ዘበን ኣብ ኢድ ጨካናት ዘውዳዊ ስርዓታትን ወታሃደራዊ ፋሽሽቲን ወዲቓ ካብ ዝነበረቶ ዓለም ዝመዝገቦ ስልጣነ ናብ ኲናት-ሕድሕድ ኣትያ ኣብነት ድሕረት፣ ድኽነት፣ ጥሜት፣ ስደትን ሓሳርን መከራን ዓለምና ኮይና ዘበናት ሓሊፎም እዮም። ፍፁም ዝኾነ ምልኪን ብሄራዊን ወጽዓ ሳዕሪሩ ህዝቢታት መገዛ ዓዶም ካልኣይን ሳልሳይን ዜጋ ኮይኖም ተሸቒሪሮምን ብዓፈና፣ ድኽነትን ድሕረትን ሰንሰን ዝበሉላ ሃገር እያ ነይራ። እዚ ዘስካሕክሆም ዝተፈላለዩ በሄረሰባት ኣንፃር እቶም ጨካናት ገዛእቲ ብረቶም ዓልዒሎም ክቃለሱ'ኳ እንተፈተኑ ሰኣን ውሕሉል ውዳበን መሪሕነትን ብዙሕ እንተይኸዱ ተቐጺዮም ተሪፎም እዮም።

ቀዳማይ ወያነ፣ ዓመጽ ሓረስቶት ባሌ፣ ሲዳማን ጎጃምን ካፍቶም ዝተፈተኑ ዓምፃት ገሊኦም እንትኾኑ፣ ተቓለስቲ ኣቦታትና ቀዳማይ ወያነ ካፍቲ ዝነበረ ዘስካሕክሕ ወፅዓ ንምንጋፍ ክብሉ ኣብ 1934-6 ዓ.ም ዘሎ እዋን እምቢ ኣይንግዛእን ኢሎም ተወዲቦም ብረት ብምልዓል ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሃይለ ሥላሴ በርቃዊ ዝኾነ መጥቃዕቲ ብምብጻሕ ንመቐለ ሓዊሱ ብዙሓት ከባቢታት እንደርታን ራያ ዓዘቦን ኣብ ቑጽጽሮም ብምእታው ንሓጺር እዋን'ውን እንተኾነ ሓርነት ህዝቦም ዝኣውጅሉ ኩነታት ተፈጢሩ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ግና ዘውዳዊ መንግስቲ ሃይለ ሥላሴ ንመሻርኽቱ መንግስቲ እንግሊዝ ብምዕዳም ከተማትታን ገጠራት ትግራይን ብእየር ገይሮም ቡምባታት ኣዝኒቦምሉ ኣሻሓት ንጹሃት ተጋሩ ኣብ ገዝኦምን ዕዳጋታትን ተጨፍጪፎም፣ ቀዳማይ ወያነ'ውን ሰኣን ውሕሉል መሪሕነት ተበቲኑ እዩ። እንተኾነ ግና ጊዚያዊ ስዕረት ምኳኑ ፅኑዕ እምነት ዝነበሮ ህዝቢ ትግራይ

*ፍሩይ ስንዳይ በሊዕኻዮ ቓሓርየ*

*ወያነማ ክለዓል'ዩ ደሓርየ*

ብምባል ትንቢቱ ብደርፊ ገይሩ ይገልጽ ነይሩ እዩ። ህዝብና ብጀካ ንመሰሉ ምቅላሱ ካሊእ ገበን ዘይብሉ ክንሱ ''*ህዝቢ ትግራይ እንተጠሚዩ እምበር እንተጸጊቡ ኣይከኣልን*' ብምባል መሬቱ መንጢሎም፣ ንብረቱን ጥሪቱን ገቢቶም፣ ቑሸታቱ ኣቓጺሎም፣ ዘይስከሞ ግብሪ ጽዒኖም ናብ ዝገደደ ብሄራዊ ወጽዓ ምዝመዛን ክኣቱ ተፈሪዱዎ እዩ። ካብዙይ ዝገደደ ድማ ህዝቢ ትግራይ በዓልቤት ጥንታዊ እሴታት እዛ ሃገር ምኳኑ ናተፈለጠ ቛንቁኡን መንነቱን ብምንሻው ስነ ልቦናዊ ስንብራት ንክሕድርን ብምንነቱ ክሽቑረርን ካልኣይ ግዘ ኣንፃር ገዛእቱ ርእሱ ከየቕንዕን ዝከኣሎም ሰሪሖም እዮም። ከይመሃር'ውን ዝነበረኦ ውሱናት ቤት ትምህርቲ ዓጺዮም ዘበናዊ ሙሁር ከይተፍሪን ደንቀኣሩን ደኺዩን ንኽነበር ፈሪዶምሉን ብሓፈሽኡ ህዝቢና ከም ህዝቢ መጠን ንምብራስ ክንዲ ዝከኣሎም ጺዒሮም እዮም።

ኮይኑ ግና ንሕቶ ህዝቢ በዚ ጨካን ኣካይዳ ክጉዕጽጽ ዝፈተነ ዘውዳዊ መንግስቲ እቲ ኣብ ኩሉ ኸባቢታት ኢትዮጵያ ዝነበረ ህዝባዊ ኣመጽ ኣብ 60ታት ዝተቐጻጸለ ናይ ተምሃሮ ዓመጽ ዓጇቡዎ ንፍርቂ ክፍለ ዘበን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቸቸ ዝበለ መዝማዚ ስርዓት ንካልኣይ ኸይምለስ ናብ ናይ ታሪኽ ጎሓፍ ደርቢዮምዎ እዮም። ዘይምዕዳል ኮይኑ ግና ከምቲ ሕሉፍ ሸዑ'ውን ዝተወደበ ፖለቲካዊ ሓይሊ ብዝይምንባሩ ነቲ ዘውዳዊ ስርዓት ዘገልግል ዝነበረ ወታሃደራዊ ሓይሊ ደርግ ብዝብል ሽም ነቲ ኩነታት ተበሊጹ ስልጣን ካብ ህዝቢ ብምጭዋይን ኩሉ ዓይነት መሰላት ብኣዋጅ ብምዕፃዉን ጨፍጫፍ ብምክያድን ጸረ ህዝቢነቱ ብጉሓቱ ኣፍሊጡ እዩ።

ኣብዚ እዋን ናይ ሃገርና ኩነታት ተንቲኖም ኩሎም ማዕፆታት ሰላማዊ ቓልሲ ከምተሸጎሩ ዝተረድኡ ውሑዳት ተጋሩ ተምሃሮ ዩኒቨርስቲን ሃገራዊያንን ዝተናውሐ ዕጥቃዊ ቓልሲ ከም ናይ መወዳእታ መማረጺ ክወስዱ ወሲኖም። ክምቲ ወለዲ ቐዳማይ ወያነን ህዝቢን ዝተምብየዎ እቲ ሓዱሽ ወለዶ’ውን

*ሰኣን ኣያ ሰኣን ኣያየ*

*ትግራይ ዓደይ ኣማዕድየ ርኤያ*

ናበልካ ናስቆንቆንካ ምንባር የብቅዕ ኢሎም ኣብ ክንድኡ

*ትግራይ ዘዓደይ ኣይትንብዕለይ ኣይትብከይለይየ*

*ነዊሕ ምንሸር በቲ ኟና ደርቢዩለይየ*

ብምባል ኣብ 11 ለካቲት 1967 ዓ.ም ኣብ በረኻ ደደቢት ውሪዶም ፈላሚት ሽግ ሓርነት ህዝቦም ብምውላዕ እቲ ትምቢት ቐዳሞት ወለዶም ጋህዲ ገይሮምዎ እዮም።

እዚ ብተምሃሮ ዝተመርሐ ቓልሲ ብኣወዳድቡኡን ኣመራርሑን ካፍቲ ቐዳማይ ወያነ ፍሉይን ውሕሉልን ብምኳኑ ተሓህት/ህወሓት ዝብል ውድብ መስሪቱ መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣንቂሑን ኣዕጢቑን ኣብ ዙሪያ ቅኑዕ ህዝባዊ ዕላምኡ ብምስላፍ ምስ ማእለያ ዘይብሎም ሓይሊታት መሳፍንቲን፣ ትምክሕቲን ዶብ ዝሰገሩ ዘይሃገራዊያን ውድባትን ብቐንዱ ድማ ፀረ እቲ ኣብ ኣፍሪካ ዝገዘፈ ሰራዊትን ዕጥቅን ዝወነነ ፋሽሽታዊ ሥርዓት ደርግ መሪር መስተንክራዊ ተጋድሎ ገጢሙ ነቒደም ትግራይ ሓራ ብምውፃእ እቲ ቓልሲ ምስ ካልኦት ውፁዓት ብሄረ ብሄረሰባት ኢትዮጵያ ኮይኑ ወሳናይ ናይ መሪሕነት ግደ ብምፅዋዋት መላእ ሃገር ካብ ናይ ሓደ ክፍለ ዘበን ግፍዓዊ ወጽዓን ምዝመዛን ኣናጊፍዋ እዩ።

ኣብዚ ብረታዊ ተጋድሎ እዚ ህዝቢ ትግራይ ዘይገጠሞ ፈተና ኣይነበረን። ናይ 1977 ዓ.ም ዘጋጠመ ደርቂን፣ ደርጊ ዝፈተኖ ምፅናት ዘርኢን ናይ ሻዕቢያ ኽድዓትን ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ መሪር ተጋድልኡ እቶም ዝኸበዱ ዝበሃሉ ዘጋጠሙዎ ፈተናታት እዮም ነይሮም። ደርጊ እዚ ድርቂ ተጠቒሙ ረድኤት መሕለፊ ብምዕፃው ህዝቢ ትግራይ ኢዱ ክህብን ተገዲዱ ናብ ዘይፈልጦም በረኻታት ኢትዮጵያ ተወሲዱ ክሰፍርን እቲ ዝተርፍውን ካብ ወያነ ብምፍላይ ንቲ ብረታዊ ተጋድሎ ኮሊፉ ንኽምበርከኽን ዘይፈተኖ ነገር ኣይነበረን። ህዝቢ ትግራይ ግን ክብሩ መሪጹ ገሊኡ ኣብ ሓራ መሬት ፀኒሑ ገሊኡ ድማ ምስ ወያንኡ ንሱዳን መሪጹ ጥሜትን መከራን ዘየምበርከኾ ህዝቢ ምኳኑ ኣመስኪሩ እዩ።

እዚ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ተጋደልቲ ህወሓት ካብ ደርግ ናተሓብአ ዝስደድ ህዝቢ መሪሖም ሻዕቢያ ብዝንቀሳቐሉ ሓራ መሬት ኤርትራ ብእግሪ ብፃምእን ጥሜትን ኣብ ዝጓዓዙሉ እዋን ሻዕብያውን መገዲ ኸልኪሉ ህዝብና ንድሕሪት መሊሱዎ ኣደዳ ደብዳብ ደርግ  ገይሩዎ እዩ። ሻዕብያ ብዝፈጠሮ ምኽንያት ጥራይ ኣብ ሓንቲ ኸባቢ ብዙሓት ህፃናት ኣዴታትን ሽማግለታትን ዝርከቡዎም ልዕሊ ክልተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚኢትን ህዝቢ ብናይ ደርግ ጀት ሃሊቖም ኣብ ሓሸዋ ጋሽ ባርካ ተቐቢሮም እዮም።

ናይ ሻዕቢያ ጭካነ እዚ ጥራይ ኣይኮነን ተጋደልቲ ህወሓት እኸሊ ህዝቢ ናብ ዘለዎ ንምፅጋዕ ሓሲቦም ፅዒኖም ካብ ሱዳን ብጋሽ ባርካ ገይሮም ክኣትዉ እንትፍትኑውን እኸሊ ዝፀዓና ዓበይቲ መካይን ምስ እኽለን ኣቃፂሎምሎም እዮም። እዚ ኮይኑውን ህዝቢ ትግራይ ኣይተምበርከኸን። እኳደኣስ ብኹሉ መዳይ ዝለዓለ ሕራነ፣ ሓቦ፣ ፅንዓቱን ተፃዋሪነትን ዝመስከረሉ እዋን’ውን እዩ ነይሩ። ቐያሕትን ፀለምትን ደቁ መሪቖ ዘወፈየን ፎቖዶ ጎበታት ኤርትራ ዘሰውኣን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክንዲ ልቓሕ ብሰናይ ምምላስ ካብ ሻዕቢያ ጥልመት ተኸፊሉዎ። ድሕሪ ዓወትውን ዝቐጸለ ጥልመት! ፅቡቕ ገባሪ ፅብቕ ተዝፍደ ብዕራይ ፅራይ ምስተየ ከምዝበሃል ህዝብናውን ፅራይስ ይትረፍዋ ፍጡር ክረግፆ ዝተፈጠረ ግኡዝ መሬትኳ ከይረግፅ ተኸሊኡ ኣድላይ ንዘይኮነ መስዋእቲ ተዳሪጉ እዩ።

እዚ ኹሉ ኮይኑ ብጭካነ ሻዕቢያን ደርግን ዘይተንበርከኹ ህወሓትን ህዝቢን ጎቦታት ፈሒሮም መገዲ ሰሪሖም ህዝቢ ናብ ሱዳን ብምእታው ብዙሕ ሂወት ድሒኑ እዩ።  እዚ ንዝክሮ እቲ መሪር ዝነበረ ቓንዛና ንምሕዳስ ዘይኮነስ እቲ ብዙሕ

ዘይተነገረሉ መስተንከራዊ ፅንዓት ህዝብና ንምዝካርን ትምህርቲ ክንወስደሉን እዩ። ብምዃኑ ድማ ለካቲት 11 ኣብ ነኸብረሉ መዓልቲ ንቑዘመሉ ዘይኮነስ ሕራነን ፅንዓት ህዝቢ ትግራይ ዝሕደሰሉን ዝዝከረሉን ኮይኑ ወለዶታትውን ካብ ሕሉፍ ታሪኽ ኣያታቶም ትብዓት ዝመሃሩላን ንቕድሚት ዝኸውን ወነ ዝሰንቅላን ዕለት እያ።

እምበኣርከስ ካብ መጀመርትኡ *ቓልሰና ነዊሕን መሪርን እዩ … ዓወትና ናይ ግድን እዩ*! ብምባል ኣፍሊጡ ዝተወለዐ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ዝኸፈል ከፊሉ ኣብ መወዳእታ እቲ ዘይፈርስ ዝምስል ዝነበረ ወታሃደራዊ መንግስቲ እዚ ጀግና ህዝቢን ጀጋኑ ደቁን ኮይኖም ፍርክስክስ ኣቢሎም ጕሒፎምዎ እዮም። ናይ ልቦም ዝገበሩ ጀጋኑን ደቂ ጀጋኑን! እዚ 17 ዓመት ዝወሰደ መሪር ህዝባዊ ቓልሲ ልዕሊ 60 ሽሕ ስዉኣትን ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካል ምጕዳልን ጥራይ ዘይኮነስ ብቕንፀላ ንፁሃትን፣ ብደብዳብ፣ ስደት፣ ኣስገዳጅ ሰፈራ፣ ጥሜትን ምኽንያት ልዕሊ ሓደ ሚሊዮን ሂወት ተኸፊሉዎ፣ ሃፍትን ጥሪትን ዓኒዩ ቑሸታት'ውን ባዲመን እስካብ ሎሚ ክቕረፍ ዘይተኸኣለ ማሕብረ ቑጠባዊ ሽግር ኣብፂሑልና እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ንምእማኑ ዘፀግም መስተንከራዊ ፅንዓትን ጀግንነትን ፈጺሙ ዕጥቃዊ ቓልሲ ድሕሪ ምዝዛም ምስ ካልኦት ኢትዮጵያውያን ኣሕዋቱ ኮይኑ ንዘበናት ተነፊጉዎ ዝነበረ ኩለንተናዊ መሰሉን ብሄራዊ ማዕርነቱን ብሕገመንግስቲ ኣረጋጊጹ ዝነብረሉ ስርዓት ተኺሉ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ሳላ ፀኒዑ ዝተቓለሰ መሰሉ ኣኽቢሩ ናይዚ መድረኽ ቐንዲ ጸላኢኡ ዝኾነ ድኽነት ንምቕራፍ ላዕልን ታሓቲን ይብል ኣሎ። ብምዃኑ ድማ ኣብ ዝሓለፉ 25 ናይ ሰላም ዓመታት በሃገር ደረጃ ጸረ ድኽነት ኹናት ኣዊጁ ብምንቅስቓሱ ህዝብና ዛጊድ ፍረ ረሃጹ ቆቑሩብ ክርኢ ጀሚሩ ኣሎ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ትግራይና ንኣማኢት ዓመታት ኹናት ዝተኻየዶን ብተደጋጋሚ ደርቂ ዘጥቅዖ ዘሎን ስለዝኾነ ንሕርሻ ዝኸውን ተፈጥሮኣዊ ፀጋታትና ብጣዕሚ ብምጉድኦም ኣብ ሕርሻ ጥራይ ዝተንጠልጠለ ቑጠባ ክህልወና ኢልካ ኣይሕሰብን። መንግስቲውን ኣይኣምነሉን። ሕርሻ ዝመርሖ ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለ (ADLI) ብሃገር ደረጃ ክሕሰብ እንተሎ ትኽክልኳ እንተኸነ (እኹል ልሙዕ መሬት፣ ማይን ስለዘሎ) ኣብ ትግራይ ግን ካብዚ ብዝተፈለየ ክኸየድ ኣለዎ ንብል። ምኽንያቱ እቲ ጉዱእ ተፈጥሮኣዊ ሃፍትና ኣሕዊኻ ከፍሪ ንምግባር ግዜን ገንዘባዊ ዓቕሚ ስለዝሓትት፣ እቲ ዘለና ድኽነት፣ ናይ ደርቂ ሽግርን ንዓብየ ዝከይድ ዘሎ ስእነት ስራሕን ጊዜ ዝህብ ስለዘይኮነ ኣብ ትግራይ ሕርሻ ኣጠናኺርካ ምኻድ ፅቡቕ ነገር ኮይኑ ጎድኒ ጎድኒ ግና ሱር በተኽ ዝኾነ ኢንዱስትሪያላዊ ምዕባለ ምምፃእ ዘላቒ ፍታሕ ዝህብ እዩ ኢልና ንኣምን። በቲ ዘለናዮ ጭቡጥ ኩነታት ሕርሻና ይትረፍዶ ንኢንዱስትሪ ዝኸውን እታወት ከምርት ንቐለብ ሓንቲ ስድራኳ ከምዘይተኸኣለ ኣብዝሓለፉ 25 ዓመታት ተራኢዩ እዩ እሞ እቲ ዘለና ሃገራዊ ፖሊሲ ናይ ክልልና ጭቡጥ ኩነታት ዘገናዘበ ክኸውን ይግባእ ንብል።

ካልእ እቲ ካፍቶም ቐንዲ ምኽንያታት መቃለሲ ህዝብና ዝነበረ ስእነት ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርን ገና ሀዚውን ብዙሕ መገዲ ይተርፈና እዩ። ህዝቢውን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ትግራይ ብሓደ ቃል መረረቱ ይገልፅ ኣሎ። መንግስቲውን እዚ ህልው ሽግር እንተይከሓደ ንምምሕያሽ ክፅዕርየ ይብል ኣሎ። ግርም! እዚ ካፍቲ ሕሉፍ ልሙድ ኣባህላ ዝተፈለየ ክኸውን ተስፋ ንገብር። ምኽንያቱሲ ህዝብና ምሩፃት ደቁ ዘወፈየሉ ቓልሲ ኣድላዊ ስርዓታት ንምቕያር ጥራይ ዘይኮነስ ቑጠባዊ ሓርነትን ፍትሒን ሰናይ ምምሕዳርንውን ንምርካብ እዩሞ ሓላፍነት ተሰኪሙ ዘሎ መንግስቲ ክልልና ኣብዚ ጉዳይ ሱር በተኽ ለውጢ ክገብር ናይ ግድን እዩ ንብል።

ብሓፂሩ እቲ ዝተኸፈለ ገዚፍ መስዋእቲን ንምእማን ዘጸግም ህዝባዊ ጽንዓትን ውፍይነትን ንሃገርና መሠረት ህዳሰን ሰላምን ልምዓትን ብምዃኑ ለካቲት 11 ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ፍሉይ ቦታ ኣለዋ። በዚ ኣጋጣሚ እዙይ ብሄር-ብሄረሰባት ሃገርና ነዚ ህዝቢ ትግራይ ምእንቲ ሃገሩ ኢዮጵያ ክብል ዝኸፈሎ ማእለያ ዘይብሉ መሪር ቓልስን መስዋእትን ኣፍልጦ ምሃብ ዝጀመረሉ እዋን ስለዝበፃሕና ድርብ ሓበን ይሰመዐና። ኣብ መወዳእታ እዚ ብደም ህዝብና ዝተፅሓፈ ወርቃዊ ታሪኽ ምእንታን ከይራኸስ ሀዚ ዘሎ ወለዶ ሕሉፍ ታሪኹ ዓቂቡ ዝበለጸ ታሪኽ ከምዝግብ ሓላፍነቱ ተረዲኡ ኣፍቲ ዝግበር ዘሎ ሃገራዊ ልምዓት ዕጃሙ ከበርክት ይግባእ ናበልና ድሙቕ በዓል ለካቲት 11 ክኾነልና ንምነ።

ክብሪን ሞገስን ነቶም ኣብዚ ዘብጽሑና ጀጋኑ ስዋኣትን ህሉዋትን!!!

ገብረ ሥላሴ ኣርኣያ